# ፍርያት ኣሕዋትና



ማርታ ጀማሪት ቃልሲ ካብተን ደቀንስትዮ
ፍርያትክን ርኢናዮ ኣስተማቂርናዮ።

ብዝከፈልክናኦ ደም መስዋእቲ
ተጋዲልክን ኣምጺእክንዓ እታሠላም ጥዕምቲ
ናብሕጊ ቀሪቦ እቶም ደርባውያን ገዛዕቲ።



ብቃልስክን ምሉዕ ኢትዮጵያ ሠላም ሰፊኑ
ዳግም የለን ጉያ ናብ ኩናት ወይኑ
ልምዓት ተጀሚሩ ኣሎ ኩሉ ሓደ ኮይኑ።

ዲሞክራሲ ሰፊኑ'ሎ ንዝተጠቀመሉ ብስርዓት
ዘይጠዓመ ይጥዓማ ጥዕምቲ ተኮይና ኩናት
ማርታ ወፊያ ሕይወታ ንብሔራት ማዕርነት
ብካሕሳ ተካሒስና ቃልሲ ዝመሰሰት
ሰላም ኣምፅኤንኣ እዘን ፅኑዓት
ንሕና ንረባረብ ንዓዲ ልምዓት
ንቅበሮም ደርባውያን ምስ ድክነት።



ዘምፃእናዮ ሠላም ብደም ኣሕዋትና
ብሓይሊ ክዕብልሉዎ አይክእሉን ፀላዕትና
ከምዓይኒ ብሌና ክንሕልዎ ኢና።

ድሕሪት ተሪፍና ኣሎና ብሰንኪ ጠማዓት
አስጢምና ንሓዝ ሕድሪ ናይቶም ስውዓት
ደቀንስትዮ ታሪክ ሰሪሐን ብትብዓት
ኣይምርኤናን ነይርና ሕጂ ዘሎ ሥርዓት
ወይን ታሪክ ሰሪሑ ሻላ ናተን ጽንዓት።

ብሔራት መሰለን ዘክብር ሕጊ-መንግስቲ ወፀ
ትምክተኛታት ኣለው ምልሓሶም ዘይነቀፀ
ደርግ ኢሠፓውያን ለብዘበን ጉዶም ወፀ።

ኣሉላ ዮሓንስ alula2005@gmail.com

ሚያዝያ 1998 ሎንደን